# ብኒሕ እንተዘይንምክት ፡ ኣበይ ምሃለና ?

ኣብ ወርሒ መስከረም ፡ ሀ' ኢልካ'ቲ ቃልሲ
ኣብ ጎቦታት ኣዳል ፡ እንተዘይፍለም
ኣብቲ ጎቦታት ሳሕል ፡ ናይ ጀጋኑ ደጀን
ዳንጋና ተሳሒሉ እንተዘይድልድል
ኣብ ጎቦን ሩባን ፡ ደምና እንተዘይውሕዝ
ሕቶ ሃገር ፡ ቀዳምነት እንተዘይሕዝ
ስለ ናጽነት ! ንመትከልና እንተዘይንምእዘዝ !
ኣበይ ምሃለና !

ሰልፊ ናጽነት ፍቕሪ ሃገር ዘንጐድጐደ
ሓራካ ! መንገዲ ሰውራ ዝመድመደ
እቲ ሓዊ ! ብዓዋተ ምስትኣጉደ
ኩሉ እንተዘይስሕኖ ፡ ዘዝተወልደ
ሰርቢ ናጽነት ብኸመይ ምነጐደ ?

እንተዘይንጸምእ ፡ እንተዘይንጠሚ
መሮር ወፌርና ፡ ባሩድ እንተዘይንሰቲ
ብመውጋእቲ ኣካልና እንተዘይንደሚ
ተሰዊእና ! እንተዘይንኸውን ንሃገር ገዝሚ
ኣበይ ምሃለና ?

ልዕሊ ርብዒ ዘመን ፡ ኣብ ጐዳጉዲ እንተዘይንሰፍር
ምስ ዕንቅርቢት ተመን ፡ ተጐዝጒዝና እንተዘይንሓድር
ዝኸበደ ሰኸም ኣብ ማእገርና ፡ እንተዘይንጸውር
ብጸሓይ ብቁሪ ፡ ሕብርና እንተዘይቅየር
ስንና ነኺስና ! እንተዘይንሰግሮ'ቲ ናይ ባህሪ መዋጥር
ኣበይ ምሃለና ?

ኣብ ከበሳን ቈላን ፡ ድራር ኣራዊት እንተዘይንኸውን
ፈቐድኡ ንቀለብ ሺላን ኣሞራን
ከም ደቂ-ሰባት ፡ ክብሪ እንተዘይንስእን
ኣብ ነፍስና እንተዘይነዝሕሎ ፡ እቲኩሉ መርዛም ሓጻውን
ኣበይ ምሃለና ?

ብኒሕ እንተዘይንድይቦ ፡ ነቲ ኣጻድፍ ነቲ ገደል
ሃይ ከይበልና ፡ እንተዘይንሰግሮ እቲ መስገደል
ኣብ ባሕሪ እንተዘይንቕልስ ፡ ምስቲ ሓያል ማዕበል
ኣብ መስርሕ ቃልሲ ፡ ኣእላፍ ጀጋኑ እንተዘይንኸፍል
ኣበይ ምሃለና ?

ነዊሑና ከይበልና ፡ ከይሰልከየና ገድሊ
ከርተት እንተዘይንብል ፡ ሳእንና ክሳብ ዝበሊ
ሓቦን ኒሕን ፡ እንተዘይንውስኸሉ ነቲ ዓቕሊ
ስድራቤታት እንተዘይከፍላ ፡ ንሃገር ምቕሊ
ኣበይ ምሃለና ?

ጸጽብቒ ሓዲግና ፡ ሐሒማቒ እንተዘይንመርጽ
ንሃምበላዊ ሓዊ ፡ ብኣእጋርና እንተዘይንረገረጽ
ኣኻውሕ ጨዲድና ፡ ተርቲርና እንተዘይንፍልጽ
ከምቲ ዝጥዕመና ፡ ዕላማታትና ብንጹር እንተዘይንሕጽጽ
ኣላሽ ኢሉና ከም ሰብ ፡ ተስፋ እንተንቑርጽ
ኣቱም ሰባት ! ኣበይኮን ምሃለና ?

ብኒሕ እንተዘይንምክት ኣበይ ምሃለና ? ብመድሃኔ ተስፋኣለም ፡

ሃየ’ስከ ተዛረቢ ፡ ኣንቲ ኤርትራ ለምለም !
ዓጽምና ከስኪስና ፡ እንተዘይነጥልለኪ ብዛራ ደም
ህይወትና ከይበቐቕና ፡ ንመስዋእቲ እንተዘይንቀዳደም
ከመይ ምኾነ ! ህላዌና ኣብዛ ቄናን ዓለም ?

ኣካላትና እናተቓጸለ ብሓያል ባርዕ
ለዋህ ወላዲት ፡ ብንብዓት መዓጕርታ ክቑርብዕ
ሃገረይ ዝበለ ኣብ ማርያም ግቢ ክስኳዕ
ህዝቢ ብሳንጃ ክዝልዘል ፡ ብዓረር ክቕላዕ
መንእሰይ ! ኣብ ጕደናታት ብስልኪ ክሕነቕ
እዚ ኩሉ ! ስለኺ’ዶ ኣይኮነን ስለናጽነት ?

ሰብ ብህየቱ ፡ ብእያድ ክነድድ
ዓድታት ! ብደርጎኛ ክባድም
ህዝቢ ነዛሂወቱ ከድሕን ፡ በብዝወጸ ክስደድ
ኣረሚን ኣብልዕሊ ሬሳ ንጹሃት
ገዳይ እናበለ ክፍክር ክጭድር !

በዚ ኩሉ ከይጃጅና ! ስንና ነኺስና እንተዘይንጸንዕ
ካብ’ቲ ጸልማት ድቕድቕ
ብቃልሲ ! መገዛእቲ ጸሓይ ኣድኒንና
ምልኣተ ጸሓይና እንተዘይነብርቕ !
ኣበይ ምሃለና ?

እንተንጃጁስ እባ ! ምረገጽና ዓፍራ
ምተለጕምና ብናይ ዘንተዕለት መዓንከራ
ከምተን ዝተረስዓ ምተረሳዕና
ወይ ከምተን ዝኸድማ ምኸደምና ፡

ተወዲብና ነቒሕና ፡ ኣነጺርና መትከልና
ንትኳቦ ከየቋመትና ፡ ነብሰምኽኣል ተሞርኲስና
ሰብኣውነት መሪጽና ፡ ሓድነትና ኣስጢምና
ኣርዑት መግዛእቲ ሰቢርና ፡ መንጉዳ ምኩሗት ኣምኪኽና
ንጸላእትና ኣባሪርና ፡ ዓወት ተበሲርና ፡

ዎ’ኤርትራ ! ኣብከርስኺ ምስተተልሚ እቲ ትልሚ
ኢድን ጓንትን ኰንና ፡ እንተዘይንምርሽ ብሓደ ስጕሚ
ኣይምተበጽሐን እቲ ራኢ ፡ ኣይምተጨበጠን እቲ ሓሳብ
ጋህዲ ናይ’ዚ ሎሚ ፡ ብርሃን ክንርኢ ፡

እወ ! ናጽነት ዝወለዶ ፡ ብርሃን ሓርነት
ብጻዕርና ዝተነድቀ ፡ ሃገራዊ ክብረት
ዋሕስ ህላወና ፡ ሓጺናዊ ሓድነት
ግምጃ ተሰሊማ ፡ ኤርትራና ዓስቢ ሰማእታት

ሕጂ’ውን ምምካት ፡ ንኹሉ እንተታት ፡

ዘልኣለማዊ ዝኽርን ክብርን ንጀጋኑ ሰማእታት
ዓወት ንሓፋሽ !
መድሃኔ ተስፋኣለም ፡